# ሓድነት ህዝቢ ይስጉም

ብ-ዕለት 08.03.2019 ጽምብል መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፣ ብ-**ንቕሎ ኣደታት ንምድሓን ህዝብን ሃገርን፣** ሰፊሕ መኣዲ ዘተ ተኻይዱ፡፡

ነዚ ኣገዳሲን ህጹጽ እዋን ጽዊዒት ኣዴታት፣ **ሃገርን ህዝብን ንምድሓን፣**ዝብል ንምኽባር ንፍትሕን ግዝኣተ-ሕግን ዝቃለሱ ኤርትራውያን፣ከካብ ዝቕመጡለን ሃገራት ብምብጋስ፣ ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ሃገረ ጀርመን ክትኣኻኸብ ኺኢሉ።

እዚ መዓልቲ'ዚ፣ **ሾሞንተ መጋቢት**፣ነታ ብዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ እትፍለጥ ኣብ ርእሲ ምዃና፣ን-ሃገራዊ ጽዊዒት፣መሰል ደቂ-ኣንስትዮ ብፍላይ፡ብሓፈሻ መሰል ደቂ ሰባት ዝጽዋዓሉ/ዝሕተተሉ ስለ ዝኾነ፡ድሩብ ድምቀት ሂብዎ።

ኣብዚ ጽንብል'ዚ መራሕቲ ሃይማኖት፣ወከልቲ ውድባት፣ምንቅስቓሳት፣ሲቪካዊ-ማሕበራት፣ውልቃውያን ሓርበኛታት፣ብብዝሒ ደቂ-ኣንስትዮ ዓበይቲ ዓዲ፣መንእሰያት፣ኮታ ካብ ኩሉ ሕብረተሰብና ዘንጻባርቕ ብምንባሩ፣ ደስ ዘብልን ሓቦን ሞጎስን ተስፋን ዝተሓዎሶ ሃዋሁው እዩ ነይሩ።

እቲ ኣዚዩ **ዘሓጉሰ፣ቆራጽነትን ወሳንነት ደቂ-ኣንስትዮና፣ክኸዉን** እንከሎ ግርማን ጽላልን ክህቦ ዝኻኣለ መራሕቲ ሃይማኖት፣ብሉዑል ዓቕምን ክእለትን፡መንፈሳዊ ሞራላዊ/ኤቲካዊ ምህሮ ጥራይ ዘይኮነስ፣ኣብ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ኣተኩሮም ዘቕርብዎ ዝነበሩ ኣብ'ቲ ምክፋል መኣዲ ዘተ ዘስተንክርን ዓሚቕ ስነ ሓሳብ፤ንምግላጹ ቃላት ክትረኽበሉ ዘጸግም እዩ ኢልካ ምሕላፍ ንገዛእርእሱ እኹል አይኮነን፣ካብ ሕጽረት ቃልት፣ብጣዕሚ ሉዑል ትምህርትን ኑጹር ራኢን ዘለዎም ኢለ ክሓልፎ አፍቁዱለይ፡፡

እዚ ጽንብል'ዚ ብ-ዕለት 08.03.2019 ጀሚሩ ብ-ዕለት 10.03.2019 እዩ ተዛሚሙ።

ከመይ ተኸፊቱ ብኸመይ ተዓጽዩ ንዝብል ሕቶ ብሓጺር እቲ ቀንዲ ኢለ ዝርእዮ ከቕርብ እየ።

1) ዕለት 08.03.2019 ዋላ'ኳ ኸምቲ ዝድለ፣ኣብቲ ተመደበሉ ዝነበረ ስዓት ክጅምር ኣይካኣል'ምበር፣ ኣዳለውቲ ሽማግለ ንኣጋይሽ፡ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ብምስማዕ፣ጉባኤ ብዕሊ ተኸፊቱ ንመራሕቲ ሃይማኖት፣ጸሎታዊን ምዕዶን ምሕጽንታን ንምሃብ መድረኽ ተዓዲሞም፤ከሙኡ እዉን ገይሮም። መራሕቲ ሃይሞናት እስላምናን ክርስትናን ብተቀደም ተከተል ብምቅብባል፣ጸለታዊን-ሕልናዊን፣ክህቡ ከለዉ ኩሎም ጉባኤኛታት ጠጠው ኢሎም ብጽሞናን መንፈሳዊ/ሕልናዊ ብምኽታል ሙሉእነት ዝመልአ/ዝሰፎኖ ኣድህቦ ብምንባሩ በቲ ዝነበረ ጸጥታ ክትዕዘቦ ትኽእል፡፡ መራሕቲ ሃይማኖት ድሕሪ ናይ ጸሎት እዋን ንተጋባእቲ ኮፍ ክብሉ ብምዕዳም፣ንኣዴታት-የሕዋት-ደቅና ነዚ ጽምብል ክገብራ ምብቅዐን፣ብተወሳኺ ኣብዛ ዕለት'ዚኣ ሾመንተ መጋቢት **ዝኸረ ቃልሲን ቅጻለ መሰል ንምጉንጻፍ ዝጻዓረሉ**፣ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ ክኸዉን ከሎ ብሓፈሻ/ብዓቢኡ ግን **መሰል** ናይ ኩሉ ፍጥረት፣እንኮላይ እዛ እንነብረላ ዞሎና ዓለምና እዉን ከይተረፈ ካብ ዘላቶን ዘጻላልዋ ዘሎ ጸገማት ንምድሓን ዝጽዋዓሉ ህሞት ብምዃኑ **ኣገናዕ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣደ፡ደቂ-ንስትዮ ወሃብቲ ሂወተ-ፍጥረተ ሰባት፡ረኺብቲ ፍትሕን ስለ** ዝኾና፣ እዘን ኣደታትና-የሕዋትና-ደቅና፡ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ብምዃነን፣ንኩላትና ብዘይ ኣፋላላይ ክእከባና ምኽኣለን ዘየጣራጥር ምስክር እዩ።ብምቕጻል ሉዑል ፖለቲካዊ ማሕበራዊ ትንታነ ዘለዎ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቦም። ብወገን ጻሓፊ ትዕዝብቲ፣ንዓቢ ሓላፍነት ናይ መንፈስ/ሕልና ተደሞሮ ፍልጠተ-ፖለቲካዊ፣ክስራሕ ዘለዎ ነገራት፣ክጣጥሕ ዘለዎ ባይታ፣ክዋሃሃድ ዘለዎ ሕብረተሰብ፣ክምዕብል ዘለዎ ባህልታት፣ክትሓቛቖፍን ሓቢሩ ክሰርሕ ዘለዎ ምንቅስቓሳት፣ ውድባት፣ህዝባውያን ምንቅስቓሳት፥ውልቀ ሓርበኛታት ወዘተ...ብምክብባርን ምትሕግጋዝን ክሰርሓ ዘለወን እምነታት፣ኮታ ብሙሉኡ ህዝብና ሓቢሩ ክሰርሕን አብ ሓደ ጽላል ክበጽሕን ከምዘለዎ፡ ብንጹርን ሉዑልን/ዑዙዙን ኣስተምህሮ፣ምዕዶ፣ምኽሪ ኣቕሪቦም።
2) ሲዒቡ ብገዳይም ተቃለስቲ ኣዴታት፡ሓጺርን ግንከ ዘየዋላውል፣የማነ ጸጋም ዘየብል፣ምሕጸንታን መጠንቀቕታን ዝሓዘለ ከቕርባ ኽለዋ፡ነቲ ናይ ቀደም ኣዴታትና ዘውረሳና ባህርያተ ቃልሲ፣ማሕበራዊ

ይኹን ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ መዳያት እናዘከርና፡ንሕና እዉን ንሕድረን ብምኽታል፣ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ማዕረ-ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ተቓሊስና ናጽነርት ሃገር ኲዉን ክንገብር ኪኢልና፤ኮይኑ ግን በዚ ገባቲ፣ ኣግላሊ ውልቀ መላኺ፣ኣብ ርእሲ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ፣ ብሓፈሻ ክኣ መላእ ህዝብና ዘውርዶ ዝነበረን ዘሎን ኣረመናዊ ግፍዕታት ንኽልግስ ኲሎም ተቓለስቲ ንፍትሒ ንዋሳእ። ከም ደቂ ኣንስትዮ ነተን ኣብ ዒራ-ዒሮ ልክዕ ከምቶም ፍትሒ ይንገስ፣ቁዋም ይተርጎም፣ስልጣን ናብ ዋኑኡ ህዝቢ ይስረከብ፣ ዲሞክራሲ ይንገስ፣ዝበሉ ሓርበኛታት ምስኦም ኣብ ማሕዩር ዘለዋ የሕዋትና፡ኣጀኽን ሕልምኽን ንምትርጓም ቃልስኽን ንምቕጻል ቅናትና ተዓጢቕና ንቃልስኽን ከነዐውቶ ኢና ዝብል መልእኽትናን መብጻዓናን ነሕደስ ምስበላ፡ጉባኤኛ ጣቒዕትን ብድድ ብምባል ብወገኑ ንመብጽዓ ኣስሚሩሉ።

ቀጺለን እቲ ኣብ መዓስከራት/ድፍዓታት ብሓለፍቲ ንደቂ ኣንስትዮ ዘጓነፈን ኣካላዊ ዓመጽ፣ሕማማት፣ካብዚ ኸምልጣ ምስ ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት፣ኣብ ሳህራን ባሕሪታት ዝረግፉ/ፉ ህዝብና፣ብፍላይ እታ ኣብ ሕቑፉን ኣብ ከብዳን ህጻናታ ሒዛ፣ምስታ መርከብ ጢሒላ ዝተረኽበት ኣደ፡ውጺኢት/ፍርያት ናይዚ ውልቀ መላኺ ስርዓት፤ዘስካሕክሕ ሂወት እነሕልፎ ዘሎና፣ሁጹጽን ዘየዳግም እዋን፣ሓቢርና ክንሰርሕን ሓድነታዊ መስርሕ ክህልወና ይጽውዓና ኣሎ። ስለዚ ካብዚ ዋዕላ’ዚ፣ ብሓባር ዘስርሕ ሽማግለ ኲላትኩም እትሳተፍሉ ብዘይ ኣፋላላይ ክትወጹ ነማሕጽን፣ብዝተረፈ ኣብ ቅድሚ ንህዝቢ ከነቃልሕ ኢና፤ ኻቡኡ ሓሊፉ ጥርናፈ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣጠንኪርና ብዘይ-ብኣኹም ቃልስና ክንቕጽል ኢና፣እስኻትኹም ምጥርናፍን ሓቢርካ ምስራሕን ምስ ትኣብዩ ቓልሲ ጠጠው ኣይክብልን እዩ፣ምስቶም ቁሩባት ኢና ዝብሉ ባእተታና ሓቢርና ሃገርናን ህዝብናን ንምድሓን ክንጽዕርኢና፡፡ ከም ንዕወት እዉን ኣይንጣራጠርን፡፡ይኣክል ፋሕ ኢልካ ምቅላስ፣ ይኣክል ወገንይ ወገንካ፣ሃይማኖተይ ሃይማኖትካ፣ እወ ንሓድነት ሓቢርካ ምስራሕ ዝብል ጹኑዑን ተሪርን ጽዊዒት ኣቕሪበን፣ ብጨብጨባን ዕልልታን፣ኣኸበኛ ኣስሚሩለን፡፡

3) ኣዳለውቲ ጽምብል ብወገነን ብምቕጻል፣ድሕሪ ሓለፍቲ ሃይማኖትን፣ብገዲማት ተቓለስቲ ኣዴታት ዝተዋህበ ኣስተምህሮ-ምዕዶን፣ምኽርን፣ብፍላይ ክኣ ኣብ ሓድነታዉን ሓበራዉን ስራሕ ንምክያድ፣ዘሪኢ ዝውሰኾ እኳ እንተዘየሎ፡ከም ኣዳለውቲ ብትግርኛን ዓረብኛን መግለጺ ክንህብ ኣፍቁድልና። ከም ዝፍለጥ ዕለት ሾሞንተ መጋቢት፡መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ብዓለምለኽ ከቢሩ ዝውዕል ኮይኑ፡እዚ መሰል ንምርካብ ብደቂ-ኣንስትዮ ዝተጀመረ ክኸዉን እንከሎ፡ካብ ኣመሪካ ነቒሉ ናብ ኤውሮጳ፣ኣስያ፣ኣፍሪቃ ኣውስትራልያ ዝሓወሰ በቢእዋኑ ደቂ ኣንስትዮ ንወጽዓ ድርብ-ጭኳና ንምውጋድ ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ምኺኑ፣ኲላትና ብዉሑዱ እንግንዘቦ እዩ። እዚ ታሪኻዊ ዕለት’ዚ ዝጅመረሉን ብሕጊ ከም መዘክር ብባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዝጸደቐሉ ብሓጺሩ ድሕሪ ምጥቃስ ከምቲ ብገዳይም ተቓለስቲ ዝገለጽኦ “**ንርስቲ ይዋጋኣላ ኣንስቲ**” ነዛ ሕጂ ኤርትራ ኢላ ትጽዋዕ ሃገርና ብቕድሚኡ እዉን እንተኾነ ኣንጻር ኹሉ-ዓይነት መግዛእትታት ቃልሲ ከም ዝተሳተፋ ዘይስሓት እዩ።እንታይ ደኣ ኲሉ እቲ ዝትረኸ ብደቂ ተባዕትዮ ዝጽሓፍን ብጉቡእን ጥልቕ ዝበለ መጽናዕቲ/ምርመራ ክጸሓፍ ዘይምኽኣሉ ወይ ዕድል ዘይተረኸበ ማለትሲ ሃገርና ነጻ ኮይና ብግዝኣተ ሕግን ሙዑቡል ሕብረተሰብ ክትሃንጽ ዘይምኽኣላን እዩ ክንብል ንደፍር።ይኹን’ምበር ሓያል ሰብኣይ ብድሕሪኡ ሓያል ሰበይቲ ስለ ዘላቶ፣ዝባሃል ምስላ ንገዛእ ርእሱ ምስክር እዩ።ከምዚ ኮይኑ እዚ ኣግላሊን ጨቋኒን ስርዓተ ንደቂ ኣንስትዮ ዘውርደለን፣ ጸገማት ግፍዒ ማእሰርቲ ኲላትና እንፈልጦ እንርእዩ ዝተሞኮርናን ክነስና፤ ኣብተን ንፍትሕን ዲሞክራስን ንቃለስ ዝብላ እዉን ውድባት ይኹና ምንቅስቓሳት ህዝባውያን ማሕበራት፣ካብ ሓጥያት ድርብ ጭኮና ይኹን ማዕርነት ዉጽኣት እየን ክባሃል ኣይካኣልን።ምስክሩ፣ኣየነይቲ ደምበ ፍትሒ እያ ኣብቲ ዝልዓለ ጽፍሒ ማሕበር፣ጓል ኣንስተይቲ ኣንቢራ ትርከብ? ኲለን ብደቂ ተባዕትዮ ስለ ዝብሓታ ነተን ምስኦም ኮይነን ዝቃለሳ ዕድል ኣይውሃበንን ክባሃል ይካኣል፤ካብዚ ዝነቐለ ብብዝሒ ምስታፍ ደቂ ኣንስትዮ ዘይርአ ወይ ዘየታባበዕ-ዶ ክብሃል ይካኣል? ኮይኑ ካብ ሎሚ ግን፣ማዕርነት ካብዚ ንሕና እነካይዶ ዘሎና ምትእኽኻብ ጀሚሩ 50% ደቂ ኣንስትዩ ዘለውኦ ኣብ ኲሉ ጽፍሕታት ብማዕረ ካክየድ ክንገብር ኢና፤ ኣብነት ክኸዉን ክኣ ንምነ።እቲ ምክትታልን ምቁጽጻርን ባዕልና ክንሕዞ ኢና ምስ በላ ጉባኤኘታት ብጣቒዒት ኣስሚሩለን።

4) ሲዒቡ ሰለስተ ደቓቕ ግዜ ንነፍሲ ወከፍ ወከልቲ ውድባት ሰልፍታት ምንቅስቓሳት ሲቪካው-ማሕበራት ውልቀ ሰባት ምስክርነት፣ቃለ ደገፍ፣ምልላይ፣ኣብ ሓበራውን ሓድነታዊ ቃልሲ ዘለወን መርገጺ፣ ካብቲ

ዝተዋህበን ግዜ ከይወጻ መግለጺ ክህባ ዕድል ተዋሂብወን። ብትዕዝብቲ ጸሓፋይ ልዑሉን ዝኾነ ህርፋን ሓድነትን፣ሓቢርካ ምቅላስ ከምቲ ትጽበዮ ኣይኮነን ከብለካ ዝኽእል ሃውህው እንተ ተባህለ፣ካብ ሓቂ ዝወጸ ኣይኮነን። እቲ ዝርአ ዝነበረ ግብረ መልሲ(ፖለቲከሰ)ቋንቋ ፖለቲካ ክጥቀማ ክፍትና ከለዋ፣ ጉባኤኘታት ብፍላይ ክኣ ኣደታት፣ ብኸሳድኪ ሓዝያ ዝዓይነቱ ሓዲኡ ኣፍልጡ ስለ ዝበላ ዝነበራ፣ ኣቢለን ኣቢለን ካብቲ ተጀሚሩ ዘሎ ህንጻ ሓድነትን ሓቢርካ ምስራሕ፣ምእንቲ ምድሓን ህዝብን ሃገርን ከምልጣ ከምዘይካኣል እዩ በሪሁ። ክወጻ እዉን ኣይክእላን ነይረን።ካብዚ ዝነቕለ ኣብቲ ዝግበር ወርክ ሾፕ ብምሉኡን ንጡፉን ተሳትፎ፣ከርእያን ብቑዕን ኣገዳሲን ወጣኒን ሓበረታ መምርሒ ክህባ ብምርኣየን ግደ ፖለቲካዉያን ውድባትን ምንቅስቓስን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ወይ፣ህዝቢ ዘማእከለ ኮይኑ ከውጽእ ዓቢ ግደ ተጻዊተን ክትብል ዘኽእል ክኸዉን ከሎ፡ሎምስ ብሓቂ እቲ ቁኑዕ መስርሕ መገዲ ቃልሲ ንሕዝ ኣሎና ከብለካ ዝኽእል እዉን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ናይ፣ብውልቀ ሰባት ተሞክሮን ኣብ ጉዕዞ ስደት ዘጓንፍን ገና ኣብ ሊብያ ዝሳቐዩ ዘለዉ ዜጋታትና ብምግላጽ ፍታሕ ክርከበሉ ሓደ ካብቲ ዝጻዓረሎን ክንጽዕሮ ዘሎና ስራሕ ምዃኑ በሪሁ። ሲዒቡ መሳጢ ግጥምታትን ሃብታም ተመክሮ ዘለዎም ባእታታት ዕድል ናይ መግለጺ ተዋሂቡ።

ጉዕዞ መደባት ብምቕጻል ኣብ ሹድሽተ ናይ ኮሚቴ ዕዮታት ብምምቕቓል፣ ኣብ ሓሙሽተ ኣርእስቲ ዘትዮም ብመማእከልቶም ኣቢሎም ንጉባኤኛታት ዝዘተይሉን ዝበጽሕዎ ሓበራዊ ስምምዕ ኣብሪሆም።

ኣብ መዕጸዊ፣ ካብ ኩለን ተረኺበን ዝነበራ ሃገራት ዞባ ኤውሮጳ ብክልተ ክውከላ ድሕሪ ምስምማዕ ካብኣቶም ነፍሲ ፈከፍ ሃገር ሓድ ኣብታ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ክሳተፍ ባዕላቶም እቶም ካብ ሃገር ዝተጻውዑ ብስማይ ሾመንተ ተደመሮ ክልተ ብሕጽረት ግዜ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ዝነበሩ ግናኸ ቅርባት ንስራሕ ምዃኖን ኣራጋጊጾም ኽቕሙ ኽለዉ እቶም ዝተረፎ ከም ባይቶ ኮይኖም ናይ ሓባር ስራሕ ክካየድ ተሳማሚዖም ንጉባኤ ተላሊዮምን ኩሉ ግባኤኛ ብጨብጨባን ዕልልታን ኣስሚሪሎም።

ንስራሕ ንበገስ፣ ሓድነትናን ሓቢርካ ምስራሕን ዓወትም ቃልስና ከምዘራጋግጽ ዝመልአ መንፈስን ሃዋሁን ሙዑርግ ጽምብል፡ምንባሩ ይምስክር፡፡

ኩሉ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ሓባሪ ጹሑፍ ብሓላፍነተይ ማለት ናይ ጸሓፊ እምበር ናይታ ተመሪጻ ዘላ ባይቶ ሽማግለ ከምዘየመልከት ይሕብር።

ዘላኣለም ዝኽሪ ንስዋኣትና

ክብርን ሞጎስን ንሱንኩላትና

ፍትሕን ሓርነትን ንዉጹዕ ህዝብና

እወ ክንዕወት ኢና

ካብ ጉዱስ ኤርትራዊ